ምፍላጡ ኣገዳሲ ዝኾነ

# ክታበታት

Folkhälsomyndigheten

**ኲሎም ኣብ ሽወደን ዘለዉ ህጻናት፡ ካብ 12 ሓደገኛታት ሕማማት ዝከላኸለሎም ክታበት ክወሃቡ ዕድመ ይግበረሎም። እዞም ክታበታት ኣብ ሕክምና-ህጻናትን ቤት-ትምህርትን ይወሃቡ።**

እቶም ነኣሽቱ ህጻናት፡ ክሳብ ዕድመ ትምህርቲ ዝበጽሑ፡ ኣብ ሕክምና-ህጻናት'ዮም ክታበት ዝወስዱ። ኣብ ቤት-ትምህርቲ፡ እቲ ክታበት ብመገዲ ክፍሊ ጥዕና ተማሃሮ ይወሃብ።

ገለ ካብቶም ኣካል ምዱብ ክታበት ህጻናት ዝኾኑ ሕማማት፡ ኣብ ሽወደን ልሙዳት ዘይኮኑ ግን ከኣ ኣብ ካልእ ክፋላት ዓለም ዝረኣዩ እዮም። ድሕነት ህጻን ካብዞም ሓደጋኛታት ዝኾኑ ሕማማት ንም ርግጋጽ ዝሕግዝ እቲ እንኮ ውጽኢታዊ ኣገባብ፡ ክታበት እዩ። እዞም ንህጻናት ዝወሃቡ ክታበ ታት፡ ብነጻ ዝወሃቡ እዮም። ኲሉ ክታበታት ብወለንታ ዝውሰድ እዩ።

ውላድካ ብዕድመ

- **ሽዱሽተ ሳምንታት ምስ ኣቑጸረ፡** እቲ ካብ ረኽሲ ሩታ-ቫይረስ ዝከላኸለሉ ቀዳማይ ክታበት ይወሃቦ።
- **ድሕሪ ሰለስተ ኣዋርሕ ከኣ፡** ካልኣይቲ ክታበት ኣንጻር ረኽሲ ሩታ-ቫይረስ ትወሃቦ። ቀጺሉ፡ ክታበት ናይዞም ሽወዓተ ሕማማት ይወሃቦ። ዲፍተርያ፡ ተታኑስ፡ ትኽቲኽታ፡ ፖልዮ፡ ኢንፍልወንዛ-ህሞፌልያ፡ ኒሞንያ ስትረፕተኮኩስ ከምኡ ውን ወይቦ (ቢ)።
- **ኣብ ሓሙሻይ ወርሒ፡** ህጻን ኣብ ናይ ሰለስተ ወርሒ ብጽሖት ዝወሰዶም ክታበታት ደጊምካ ከምዝወሃብዎ ይግበር።
- **ሓደ ዓመት ምስ ኮነ፡** ህጻን ነቶም ኣብ ሳልሳይን ሓሙሻይን ወርሒ፡ ክታበት ኣንጻር ረኽሲ ሩታ-ቫይረስ ገዲፍካ፡ ዝተዋህብዎ ካልኦት ክታ በታት፡ ንሳልሳይ ግዜ ከምዝወሃቡዎ ይግበር።
- **ዓመትን ፈረቓን ምስ ኮነ፡** ካብ ንፍዮ፡ ሕማም ጸግዕ ከምኡ ውን ንፍዮ-ጀርመን ወይ ሩቤላ ዝከላኸል ክታበት ይወሃቦ።
- **ሓሙሽተ ዓመት ምስኣቑጸረ፡** ኣብ ሕክምና-ህጻናት ዝወሃብ ናይ መወዳእታ ክታበት ይወሃቦ። እዚ ኸኣ ጸረ ዲፍተርያ፡ ተታኑስ፡ ትኽቲኽታ፡ ፖልዮ ተወሳኺ-ዶስ እዩ።

ውላድካ ኣብ

- **1ይ ወይ 2ይ ክፍሊ ምምሃር ምስጀመረ፡** ጸረ ንፍዮ፡ ሕማም ጽግዕን ንፍዮ-ጀርመን ወይ ሪቡላ ዝኾነ፡ ካልኣይ ክታበት ይወሃቦ።
- **ኣብ 5ይ ክፍሊ፡** ኲሎም ህጻናት፡ ሕማም መንሽሮ ንምክልኻል ዝዓለመ ክታበት ኣንጻር ህዩማን ፓፒሎማ ቫይረስ፡ ይኽተቡ።
- **ኣብ 8ይ ክሳብ 9ይ ክፍሊ፡** እቲ ኣንጻር ዲፍተ ርያ፡ ተታኑስን ትኽቲኽታን ዝቐንዐ ናይ መወዳ እታ ክታበት ይወሃቦም።

## ኣብ ሕክምና ህጻናት

ነታ ኣብ ሕክምና ህጻናት ዘላ ኣላዪት-ሕሙማት (ኣላዪት-ሕሙማት ኣብ ክፍሊ ክንክን ህጻናት)፡ ህልዊ ጥዕና ውላድኪ ከመይ ምህላዉ ሓብሪ። ሕቶታት ሕተቲ። ዝኾነ ዘይነጸረልኪ ነገር ምስዝ ህሉ ውን ሓብሪ።


እቶም ዝበዝሑ ክታበታት ብመገዲ መርፍእ እዮም ዝወሃቡ። ሽቕታ መርፍእ ዘይምሹው ጌርካ ክውሰድ ይኽእል እዩ። ኣላዪት-ሕሙማት ሕክምና ህጻናት ኣብ እዋን ክታበት፡ ውላድኪ ከመይ ጌርኪ ክትሕዝዮ ከምዘለኪ ክትሕብረኪ እያ።

## ኣብ ቤት-ትምህርቲ

ኣብ ቤት-ትምህርቲ፡ ውልድኩም ብኣላዪት-ሕሙማት ቤት-ትምህርቲ እዩ ክታበት ዝወሃቦ። ንስኹም ወይ ውን ውላድኩም ንክታበታት ዝም ልከት ሕቶታት ምስዝህልወኩም፡ ምስ ኣላዪት-ሕሙማት ቤት-ትምህርቲ ተዘራረቡ።

## መዱብ-ክታበታት ኣብ ሽወደን

ኣብዚ፡ ኣብ ሽወደን ነቶም ከበድቲ ሕማምት ንምክልኻል ተባሂሎም ንኹሎም ቆልዑ ዚወሃቡ ክታበታት ትርእዮም ኣሎኻ።




FOLKHÄLSOMYNDIGHETEN 2023 ARTIKELNUMMER 23175-6

# ካበየኖት ሕማማት እዩ ውላድካ ዝድሕን

ብዛዕባ`ቶም ኣካል ምዱብ-ክታበት ዝኾኑን፡ ውላድካ ብመገዲ ክታበት ካብኦም ዝድሕንን ሕማማት ኣብዚ ከተንብብ ትኽእል።

**ረኽሲ ቫይረስ-ሩታ፡** ናይ ከብዲ ረኽሲ ኮይኑ፡ ውላድካ ግዳይ ውጽኣት፡ ተምላስን፡ ነቕጽን ክኸውን ይገብሮ። ገለ-ገለ እዋናት፡ ህጻን ኣብ ሕክማን ክሳብ ምእላይ ውን ከበጽሕ ይኽእል እዩ።

**ዲፍተርያ፡** ኣዝዩ ተላባዕን ሓደገኛን ዝኾነ ረኽሲ ጎረሮ ኮይኑ፡ ኣብ ልዕሊ ልቢ፡ ኮላሊትን ስርዓተ-መትኒታትን ንህይወት ዝፈታትን ሃስያታት ከስዕብ ይኽእል።

**ተታኑስ**፡ ብሓደ ኣብ ሓመድ ከምኡ ውን ኣብ መዓናጡ እንስሳታት ዝርከብ ባክተርያ ይፍጠር። ሓደ ህጻን፡ ብእንስሳስ ምስዝንከስ ወይ ውን ረሳሕ ቍስሊ ምስዝወጾ ብተታኑስ ክሓምም ይኽእል። ህጻን ግዳይ ምሽምቃቕ ጅማውቲ ከምኡ ውን ናይ ምውሓጥን ምትንፋስን ጸገማት ይፈጥረሊ። ተታኑስ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ኣይሰጋገርን እዩ።

**ትኽቲኽታ** ኣዝዩ ተላባዒ ኮይኑ፡ ግዳይ ኽርር ዝበለ መጥቃዕታት ስዓልን ንኣዋርሕ ዝጸንሕ ሰዓልን ይገብረካ። እቲ ሕማም ኣብ ዕሸላት ህጻናት ንህይወት ዝፍትን ኮይኑ ክርከብ ይኽእል።

**ፖልዮ ፡** ኣብ ልዕሊ ስርዓተ-መትኒ ሃስያ ዘስዕብን ንምሉእ ህይወትካ ዝቕጽል ሃስያ ዝገድፍን እዩ።

**ኢንፍሉወንዛ-ሃይሞፊልዩስ ዓይነት B (ሂብ) ፡**
ብፍላይ ኣብቶም ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ዝኾኑ ህጻናት፡ ሓደገኛ ዝኾነ ረኽሲ ከስዕብ ይኽእል። ኢንፍሉወንዛ-ሃይሞፊልዩስ፡ ነድሪ ሓንጎል ከስዕብ ዝኽእል ኮይኑ፡ እዚ ኸኣ፡ ንህይወት ዝፈታትን ወይ ውን ነባሪ ሃስያታት ክገድፈልካ ይኽእል።

**ኒሞንያ ስትረፕተኮኩስ** ኣብ ህጻን ነድሪ እዝንን ሶርኖን ከስዕብ ይኽእል። ብዜካ'ዚ ከም ነድሪ-ሳናቡእ፡ ብከላ-ደም ከምኡ ውን ነድሪ መምብራና-ሓንጎል ዝኣመሰሉ ሓደገኛታት ሕማማት ውን ከስዕብ ይኽእል።

**ንፍዮ፡** ልዑል ረስኒ፡ ምስዓልን ዕንፍሩርን ዘስዕብ ኣዝዩ ተላባዓይ ሕማም እዩ። ህጻን፡ ግዳይ ናይቶም ከም ነድሪ-ሓንጎል፡ ነድሪ-እዝኒ ከምኡ ውን ነድሪ-ሳንቡእ ዝኣመሰሉ ተደረብቲ ሕማማት ክኸውን ይኽእል። ገለ-ገለ እዋናት፡ ንፍዮ ሞት ከስዕብ ይኽእል እዩ።

**ሕማም ጸግዕ፡** ኣዝዩ ተለባዒ፡ ብቐዳምነት ጽኪ-ምራቕ ዘጥቅዕ ሕማም ኮይኑ፡ ግዳይ ናይቶምከም ነድሪ መምብራና-ሓንጎልን ነድሪ ሓንጎ ልን ዝኾኑ ተደረብቲ ሕማማት ውን ክገብረካ ይኽእል። ንኣወዳት ነድሪ ፍረነብሲ ከስዕበሎም ይኽእል።

**ንፍዮ-ጀርመን ወይ ሩቤላ፡** ዝበዝሕ ግዜ ፍኹስ ዝበለ ረኽሲ ኮይኑ፡ ነብሶ-ጾር ዓል-ኣንስተይቲ ብኡ ምስእትልከፍ ግን፡ ብምርዓን-ጥንሲ ከጋጥማ ወይ ውን ዕሽል ምስ ምውላድ ዝተተሓሓዘ ጸገማት ሒዙ ክውለድ፡ ልዑል ስግኣታት ኣሎ።

**ህዩማን ፓፒሎማ ቫይረስ** ረኽሲ ቆርበትን ልፋጫዊ-መምብራንን የኸትል። እቲ ረኽሲ ሳሕቲ ከተቕልበሉ እትኽእል ኮይኑ፡ ዝበዝሕ ግዜ ባዕሉ ዝሓዊ ውን እዩ። እቲ ረኽሲ ምስዘይሓዊ፡ ምቅይያር ዋህዮታት ከስዕብ ዝኽእል ኮይኑ፡ እዚ ኸኣ፡ መንሸሮ ክሳድ-ማህጸን ከምኡ ውን ኣብ ዳሕረዋይ ክፋል ህይወት ዝቕልቀል ካልእ ዓይነ ታት ሕማም መንሸሮ ከስዕብ ይኽእል።

**ወይቦ (ዓይነት ቢ)** ረኽሲ ጸላም-ኸብዲ የስዕብ። ዝበዝሐ ረኽሲታት ይሓዊ እዩ። ገለ-ገለ እዋናት ግን፡ ቫይረስ ኣብ ኣካላት ተሪፉ ሃስያ ጸላም-ከብዲ ወይ ውን ኣብ ዝተናውሐ መንሸሮ ጸላም-ኸብዲ ከስዕብ ይኽእል። ብቐልዓኻ እንከለኻ ምስእትልከፍ፡ ስግኣታት ልዑል ይኸውን። ኲሎም`ቶም ከም ኣካል ምዱብ-ክታበታት ዝወሃቡ ክታበት፡ ኣብቲ ብበዓል-መዚ ህዝባዊ ጥዕና ሽወደን ዝምእከል ሃገራዊ መዝገብ-ክታበት ይምዝገቡ። እቲ መዝገብ፡ መዱብ ክታበታት ከምቲ ዝድለ ይኸይድ ምህላዉ ንምቍጽጻር ይሕግዝ።

---

**ብዝያዳ ክትፈልጥ ትደሊ'ዶ?**
ምስ ክፍሊ-ጥዕና ህጻናት ከምኡ ውን ምስቲ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ውላድኩም ዝርከብ ክፍሊ ጥዕና ተመሃሮ ንምውካስ፡ ወትሩ ብደሓን ምጹ።